# ድራር መኸተ ኣብ ወርሒ ሓምለ!

እዚ ቕንያት እዚ፡ ቕንያት ናይ ኩሉ ጽቡቕ ተግባር፡ ቕንያት ናይ ቅዱስ ተበግሶ፡ ቅንያት ናይ ምትእኽኻብ ንውጥን ሃገራዊ መደባትን፡ ቕነ ኮይኑ እዩ ሓሊፉ። ምኽንያቱ እቲ ብዕለት 23 ሓምለ ዝተኻየደ፡ ብሓልዮት ኣደታት ዝተዳለወ መደብ ናይ ድራር ምሸት፡ ዕላምኡ ነቶም ብባህርያዊ ሓደጋ፡ ብሳዕቤን እቲ ነትጕ እሳተ-ጎመራ ካብ ምዉቕን ሰላማውን መነባብርኦም ዝተማዘበሉ ዜጋታትና ተቐማጠ ሰሜናዊ ቐይሕ ባሕሪ፡ ንመጣየሲ ዝውዕል ሓገዝ ንምድላብ ኮይኑ፡ ጽቡቕ ተሳታፍነትን ኣጽጋብን ዕውትን ምሸት እዩ ኔሩ።

ቐጺሉ እቲ ወርሒ መጸ፡ በተን ዕጡቓት ኣደታት መኸተ ብቐጻሊ ዝሰላሰል ዘሎ ተናፋቒ ወርሓዊ ድራር መኸተ ብዕለት 30 ሓምለ 2011፡ ከም ወትሩ ብድሙቕን ምዕሩግን ኣቀራርባ ምስ ምሉእ ትሕዝትኡ ጽቡቕን ሰናይ ምሸትን ተኻይዱ። እተን ድራር ዝቐረባ ኣዴታት፡ "ጋንታ ሰምበል" ብዝብል ስም፡ ነቲ ብ15 ሓምለ 1977፡ ካብ መንጋጋ ጸላኢ ፈንቂቑ፡ መዓጹ ቤት ማእሰርት ሰንበል ገማሚዑ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ንጹሃት ዜጋታት ናይ ፖለቲካ እሱራት፡ ንምውጻእ ዝተኻየደ ውሕሉል ተባዕን ስርሒት፡ ኣብ ናይ መበል 34 ዓመት ናይ'ቲ ፍረጻመ ምስ'ዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምሸት ስለ ዝተጋጠመ፡ ንኽብርን ንዝኽርን እቲ ታሪኻዊ ፍጻመ ንምንጽብራቕ ዝለበስኦ ታሪኻዊ ስም'ዩ።




ኣደታት ጋንታ ሰምበል

እዚ ምትእኽኻባት እዚ ቑም-ነገሩን ትሕዝትኡን ዝያዳ እናረዘነ፡ ኣገዳስነቱ እናዓዘዘ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ እናዓመረ ይኸይድ ኣሎ። እቲምንታይሲ፡ እዚ እንሪኦ ዘሎና ኩነታት ንዝያዳ ጥምረትን ምትሕቑቛፍ ስለ ዝዕድም፡፡ ማዕረ-ማዕሪ እዚ ጽቡቕ ቕንያት፡ ጽባቐና ንምድዋን ዝደናደን ዘሎ ናይ ተጻባእቲ ፈተነታት ንምፍሻል፣ መድሃኒቱ ከም ወትሩ በቲ ልሙድን ዝዉቱርን ኤርትራዊ ባህላዊ መከላኸሊ፡ ናይ ሓባር መኸተ ዕብየቱን ናህሩን ክሕይል ስለ ዘለዎ።

ብዚ መሰረት ኣብቲ ምሸት፡ ነዚ ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ክካየድ ዝቐነየ ወስለትለት፡ ብሓላፊ ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲና፡ ሓጺርን ንጹርን መብርሂ ተዋሂቡ። ምሸት ድራር መኸተ፡ ምሸት ምዝናይን፡ ምሸት እሂን-ምሂንን ደሃይ ምፍላጥን ወግዕን፡ እናኾነ ጽቡቕ ሃዋህዉ ኣርሒዩ ኣሎ። ምስጋና ኸኣ ነተን ዘይሕለላ ኣደታት መኸተ ነቲ ሃዋሁው ዝፈጠራ።




ንዝመጽእ ቆጸራኹም ኣብ ማእከል ኤርትራዉያን 600 L Street ይኹን፡ ክሳብ ሽዑ ብደሓን የቀንየና፡ ብሰላም የራኽበና። ንቐጻሊ መደብ ድራር መኸተና ድማ ኣብ ረድዮ ድመጺ ኤርትራ ተኸታተሉ።

ዓወት ንሓፋሽ!
መኸተና ክዕወት’ዩ!
ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣት!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ